# ዜጋታቱ ንምጽናት ኣዛብእ ካብ ዝሽምት ስርዓት፡
# ጥፍኣት እምበር ልምዓት ኣይንጸበን!

## ክፍሊ ዜናን ባህልን
## ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## 12.06.2009

ብርግጽ፡ መንቀሊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሓራ መሬትን ሓራ ዜጋን ምህናጽ ምንባሩ ዘየካትዕ ሓቂ'ዩ። ምኽንያቱ ሓርነት መሬትን ዜጋን ፈላሊኻ ዘይረኣዩ፡ ሓደ ካብኦም እንተበኺሩ እቲ ኻልእ ትርጉም ስለዘይህልዎ'ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ መሬት ሽሕ ግዜ ሓራ ይኹን፡ እቶም ግርማ መሬት ዝኾኑ ዜጋታት ግን ከም ባሮት ዝተሓዙን ዝምቀኑሑን እንተኾይኖም፡ ሓርነት መሬት ጥራይ ቀለም ኣልቦ ብርዒ'ዩ። ምስ ግዜ ከምዝተዓዘብናዮ ድማ፡ ሓርነት መሬት ኤርትራ ተረጋጊጹ፡ ሓርነት ዜጋታት ግን ምስ ሕልምታት ናይቲ ስልጣን ዝጨበጠ ጠላም ጉጅለ ስለተራጸመ፡ ዘይተመለሰ ዕዮ-ገዛ *(unfinished home work)* ኰይኑ ኣሎ።

ኣብቲ ኣብ 1994 ኣብ ናቅፋ ዝተኻየደ ሳልሳይ ውድባዊ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝጸደቐ ፕሮግራም መጻኢት ኤርትራ፡ ኤርትራ ቅዋማዊት ዲሞክራስያዊት ሃገር ክትከውን መብጽዓ ተኣትዩ ምንባሩ ዝፍለጥ'ዩ። እዚ ማለት ድማ፡ መሰል ዜጋታት ምኽባር፡ ነጻ ምርጫታት ምፍቃድን ውሳኔ ህዝቢ ምኽባርን ማለት እዩ። እቶም ላህመት ናይቲ መሪር ዋጋ ዝተኸፍሎ ናጽነት ኤርትራ ክልሕኩ ዝጽበዩ ዝነበሩ፡ ሕልሚ ዓብላልነት፡ ፍቕሪ ዝናን ስልጣንን ውልቃዊ ረብሓን ዝነበሮም ውሑዳት ከደዓት መራሕቲ ግን፡ ነዚ ክትግብሩ ውህሉል ትብዓት ስለዘይነበሮም፣ ንህዝቢ ኤርትራ ከም ድሑርን ዘውጽኣን...ዘእትዎን ዘይፈልጥን ህዝቢ ጌሮም ብምቍጻር፣ ንሶም ወሰንቲ፡ ህዝቢ ድማ ኣብ ገዛእ ጉዳዩን መጻኢኡን ድምጺ ዘይብሉ ተጸባዪ ውሳኔታቶም ጥራሕ ክኸውን ገበርዎ። እዚ ኹሉ ስለምንታይ ዝብል ሕቶ ምስ ዝለዓል ድማ፡ ውሳኔ ህዝቢ ምኽባር ማለት፡ ንሕልሚ ዓብላልነት ናይቶም ከደዓት መራሕቲ፡ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ብምዃኑ ጥራይ'ዩ። ከምታ ኣብታ ብሮለር-ቦል (Roller-ball) እትፍለጥ ህብብቲ ምዕራባዊት ፊልም፡ ገዛእቲ ደርብታት ንሕግታት ናይ ሓደ ጸወታ ወይ game ባዕሎም የውጽእዎ'ሞ፣ ጸወታ፡ ካብ ቁጽጽሮም ወጻኢ ክኸይድ ኣብ ዝጅምረሉ እዋን ድማ፡ ነቲ ባዕሎም ዘጽደቕዎ ሕግታት ተገምጢሎም ክቕይርዎን ክስርዝዎን ይረኣዩ። ስለዝኾነ ድማ'ዩ፡ ፕሮግራም መጻኢት ኤርትራ ንምትግባር ኣብ ዝብል ሕቶ፡ ኣብ ውሽጢ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዝተኻየደ ሓያል ምውጣጥ እቲ ዝሰዓረ ከዳዕ ቀጽሪ፡ ፕሮግራም መጻኢት ኤርትራ ህይወት ዘይብሉ ደረቕ ጽሑፍ ኮይኑ ክተርፍን፣ እቶም ንትግባሬኡ ብዓውታ ዘድመጹ ተቓለስቲ ከኣ፡ ቅድም ክብል ከም ኣናብስ ቃልሲ፡ ድሒሮም ድማ፡ በቲ ከዳዕ ቀጽሪ ከም ወኻሩ ናጽነት ተቆጺሮም፡ ህጣም ዘይብሎም ከምዝስወሩ ዝተገብረ። ብድሕሪ'ዚ ወሳኒ ታሪኻዊ ፍጻሜ'ዚ ዝቐጸለ ፖለቲካዊ ሃዋህው ኤርትራ፡ ራዕዲ፡ ሽበራ፡ ቅንጸላን ማእሰርትን ዝሰፈኖ፡ ፖለቲካዊ ሃዋህው ክኸውን ግድነት ኮነ። ከም ውጽኢት ናይዚ ድማ፡ ስደት፡ ማእሰርቲ፡ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላትን ካልእን ሃሳስ መለለዪ ኤርትራ ክኸውን ግድነት ኮነ።

ስርዓት ህግዲፍ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝፈጸሞን ዝፍጽሞ ዘሎን ግፍዕን ጭቆናን ምሉእ ብምሉእ እንተተቀሊዑ፣ ንሕልናኻ ዝቕስቅስን ክትኣምኖ ዘጸግምን ኮይኑ ከምዝርከብ ዝሰሓት ኣይኰነን። ሰለምንታይ'ዩ ስርዓት ህግዲፍ ኣብ ልዕሊ ዜጋታቱ ሕሉፍ ግፍዕን ግህሰትን ዝፍጽም ዝብል ሕቶ ክለዓል ዝከኣል ኢዩ። መልሱ ድማ፡ ጉጅለ ህግዲፍ፡ ንኤርትራ ከም ሃገር፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ዘይኰነትስ፣ እቲ ጉጅለ ባዕሉ ተኣምር ሰሪሑ ህያው ዝገበራን እንተደልዩ ዝሸጣን ዝልውጣን ውልቃዊ ዋኒኑ ጌሩ ስለዝወሰዳ ኢዩ። ንህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ ከም ጎይታ ሃገሩን ኣንፋቲ ሓባራዊ መጻኢኡን ዘይኮነስ፡ ብዓይኒ ህግደፍ ክርኢ፡ ብሳንቡኡ ከስተንፍስ፡ ብእዝኑ ክሰምዕ ጥራይ ዝፍቀደሉ ሕዩር ህዝቢ ጌሩ'ዩ ዝምልከቶ። እዚ ጸቢብ ኣረዳድኣ'ዚ ድማ፡ ኣብ'ቲ ዝጠስጠሰ ሽክና መራሕቲ ህግዲፍ ዓሚቍ ሰራውር ዝሰደደን ንህዝብን ሃገርን ዘብርስ ዘሎ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣቐዲሙ ትርጉም መሰልን ሃገርን ዘየስተብህል ኔሩ እንተዝኸውን፣ ሃገሩን መንነቱን ንምርግጋጽ፡ ውረድ ደይብ ዝመልኦ ኣድካምን ግዙፍ ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ ዝሓተተን ሓርፋፍ ጉዕዞ ቃልሲ ክመርጽ ኣይምተገደደን። ነቲ ክንዮ'ዚ ዝነበረ ብርሃን ኣማዕድዩ ብምርኣይ ድማ'ዩ፡ ንጸሊም ደበና ቃልሲ ክቕንጥጥ ወለቕ-ዘለቕ ዘይበለ። ብቓልሱን ጽንዓቱን ከኣ፡ ነቲ ሕልሚ ጋህዲ ክገብሮ በቒዑ'ዩ። ጸር መግዛእትን ጭቆናን ስደትን ከርተትን ኣራጊፉ፡ ኣብታ ብደምን ኣዕጽምትን ደቁ ዝተተኽለት ናጻ ሃገር እፎይ ኢሉ ከጽልልን መኣዛ ናጽነትን ሓርነትን ሰላምን ፍትሕን ከስተማቅርን ባህጊ እኳ እንተነበሮ፤ ዘይተጸበዮ፡ ካብ ጭቆና ባዕዳውያን ጎይቶት ተገላጊሉ፡ ኣደዳ ጭቆናን ኣደራዕን ዘቤታውያን ጎይቶት ኰይኑ። ብስንኪ'ዚ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሕልሙ ተጠሊሙ፡ ግዳይ ማእሰርቲ መግረፍቲ፡ ግፍዕን መከራን ኮይኑ፣ ንዳግማይ ስደትን ውርደትን ከምርሕ ይርአ ኣሎ።

ሃገር እናፈለሰትን ንጥፍኣት እናተቓልዐትን ብጎቦ-ዓይኑ ዝርኢ መንግስቲ፡ መንግስቲ  ክትብሎ ዘጸግም'ዩ። ንህዝቡ ዝሓሊ መንግስቲ፡ ዜጋታቱ ሃገር ገዲፎም ክስደዱ ከለዉ፡ ስቕ ኢሉ ኣይዕዘብን'ዩ። ጥዑይ መንግስቲ እንተዝኸውን ነይሩ፡ ዜጋታቱ ብዘይዝኾነ ምኽንያት ብሃውሪ ይስደዱ ከምዘየለዉ ተረዲኡ፡ ኩነታቶም ንምምሕያሽን ናብራ ዜጋታት ንምርግጋእን፡ ሓርኰትኰት ክብል ምተራእየ። ስርዓት ህግዲፍ ግን፡ እንትርፎ ቋንቋኡ፡ ቋንቋ ህዝብን ሃገርን ስለዘይዝስቀሮ፡ ብማዕበል ስደት ዜጋታቱ ክሰናበድ፡ ብመጻኢ ሃገር ክሻቐል ኣይተራእየን። ስለዝኾነ ድማ'ዩ፡ መዝገበ-ቃላት ህግዲፍ፡ መፍትሒ ስደት ጽገናን ለውጥን ዘይኮነስ፡ ጸቅጥን ዓፈናን ገይሩ ዝገልጾ። ከም ጭቡጥ መርኣያ ናይዚ ድማ፡ ስርዓት ህግዲፍ፡ ነቶም መጻኢኦም ጸልሚትዎም፡ ሰላም ዝሰፈኖ ህይወትን ርግኣት ዝዓሰሎ ናብራን ተነፊግዎም፡ ዝሓሸ መጽለሊ ንምንዳይ ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ዝስደዱ ዜጋታት፡ ዓፊኑ ኣብቲ ባዕሉ ዝፈጠሮ ቁጠባውን ፖለቲካውን ቅልውላው ንኽንብሮም ዘይፈንቀሎ እምንን ዘይፈሓሶ ውዲትን ከምዘየለ ምጥቃስ ይከኣል። ምንቅስቓስ ዜጋታት ንምቁጽጻር ተባሂሉ፡ ናይ ተፍቲሽ ኬላታት እንተብዝሐን፣ ናብ ዶባት ሱዳንን ኢትዮጵያን ዝርከባ ከተማታት ኤርትራ ገጾም ከይንቀሳቀሱ እንተኣገደ፣ ብምክትታል ዶባት ዝፍለጡ፡ ንስግረ-ዶብ ዝቆጻጸሩ ኣሃዱታት ብብዝሒ ኣብ ዶባት እንተስፈረ፣ ንወለዲ ከክንዲ ኣባጽሕ ደቆም እንተኣሰረን፡ 50,000 ናቕፋ መቕጻዕቲ እንተኣኽፈለን፣ ንትካላቶም እንተዓጸወ፣ ዶብ ክሰግር ዝተረኽበ ሰብ ረሽንዎ ዝብል ትእዛዝ እንተሕለፈ፤ ነቲ ናይ ስደትን ፍልሰትን ተርእዮ ክቆጻጸሮ ግን ኣይከኣለን። ምኽንያቱ፡ ሕምብርቲ ናይቲ ጸገም ኣብ ዶብ ምስጋር ዘይኮነ፡ እቲ ሕሱም መነባብሮ ስለዝኾነ'ዩ።

ሓደ ካብቲ ኣዝዩ ኣገራሚ ዝኾነ፡ ንሕሉፍ ባርባራውነት ናይቲ ስርዓት ዘጕልሕ ተርእዮ ድማ፡ እዚ ዝስዕብ'ዩ። ስርዓት ህግዲፍ፡ ነቲ ብውሽጣዊ ኩነታት ኤርትራ ባህሪሩ መዓልታዊ ናብ ስደት ዝውሕዝ ዝነበረ ኤርትራዊ ዜጋ ንምሓዝ ኩሉ ኣገባባት ፈቲኑ ምኽኣን ስለዝኣበዮ፣ እቶም ስግረ-ዶብ ንምቍጽጻር ኣብ ዶባት ዘዐስከሮም ሰራዊቱ ከይተረፉ፡ ዕድል ኣብ ዝረኸብሉ እዋን ንስደት ከምርሑ ስለእተራእዩ፣ ነቲ ዶባት በዛብእ ክሕልዎ ኢሉ ምፍታኑ ኢዩ። ምጽናት እንስሳታት ዘገዳም ንምዕቃብ ብዝብል ጉልባብ፡ ስርዓት ህግዲፍ ካብ ሃገራት ዞባ ዓበይቲ ቀላያት ብርክት ዝበሉ ኣዛብእ ሸሚቱ፡ ኣብ ዶባት ኤርትራ ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን ከምዘስፈረ ዝፍለጥ'ዩ። ኣብቲ ነዞም ኣዛብእ ቀለብ ክኾና ዝኽእላ ነኣሽቱ እንስሳታት ዘገዳም ዘይብሉ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን ድማ፡ ቀለብ ናይዞም ኣዛብእ እቶም ዶብ ዝሳገሩ ዜጋታት ምኳኖም ዝሰሓት ኣይኮነን። ኣብ ከባቢ መከሰራት፡ ገርገፍ፡ ኾር-ገረዳ፡ ካምቦ-ኖቨ፡ ከባቢ ተላታዓሽር፡ ከባቢ ኣብሩፍን በዞም ኣዛብእ ዝተበልዑ ኣንስትን ቆልዑን ዝርከብዎም ዜጋታት ቁጽሮም ጸብጺብካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ኣብ ዶብ ኤርትራን እትዮጵያን ውን ብተመሳሳሊ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋናት ሰለስተ ኣዴታት ናብ እትዮጵያ እናሰገራ እንከለዋ ብኣዛብእ ከምዝተበልዓ፡ ምንጭታት ሰልፊ ህዝቢ ክሕብሩ ምጽንሖም ዝፍለጥ'ዩ።

እቶም ኣንጻር ዜጋታቶም ብዝፈጸምዎ በደላትን ግፍዕን ጸሊም ምዕራፉት ታሪኽ ብሒቶም ዝርከቡ ጽዩፋት ስርዓታት ዓለምና ውን፡ ዜጋታቶም ንምጽናት ማዕረ ኣዛብእ ኣብ ናይ ምሽማት ደረጃ ከምዘይበጽሑ፡ መዛግብ ታሪኽ ዓለምና ዝምስክሩሉ ሓቂ'ዩ።